Eritrean Blin Organisation ሆደ ሙርቛ ብሊን منظمة البلينية الإرترية

# ***ኣብ ኤርትራ ናይ ብሄራት ጭቆና ኣሎዶ?ወይሲ ብስም ብሄር ቃልሲ ናይዚ ግዜ`ዚ ሞዳ እዩ?።***

***ቀዳማይ ክፋል፡***

ኣብ ኤርትራ ጭቆና ብሄራት ኣሎዶ?ወይሲ ብስም ብሄር ቃልሲ ናይዚ ግዜ`ዚ ሞዳ እዩ?።ዝብል ሐተታ ቕድሚ ምርአይና ዝተጨቆኑ ህዝቢታት ካብቲ ዝበጽሖም ወጽዓ ተበጊሶም ምእንቲ መሰሎም ቃልሲ ምስ ዝጅምሩ፡ መጀመርያ መን`ዩ ጸላኢኦም መን`ዩ ፈታዊኦም ኣነጺሮም ክፈልጡ ይግባእ።ፈታዊኡን ጸላኢኡን ኣነጺሩ ዘይተበገሰ ብሄራዊ ውድብ ንፈታዊኡን ጸላኢኡን ሐዋዊሱ ይሃርም።መቓልስቱን ደገፍቱን ክኾኑ ዝግቡኦም ሐይልታት ኣንጻሩ ብጌጋ ከምዝስለፉን መገዲ ቓልሱ ከም ዝነዉሕን ይገብር።እዚ ስለዝኾነ ኣብ ምጅማር ኣሰላፊ ሐይልታት ብግቡእ ምቅማጥ ዓቢ ኣድላይነት ኣለዎ።

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ውሑዳት ብዉልቐ-መላኺ ብኢሰያስ ዝምርሑ ጉጅለ ልዕልነትን ዓብላልነትን ናይ ብሄረ ትግርኛ ተጠቒሞሞ ብዘይ ንሕስያ ህዝብታት ኤርትራ የብርሱ ኣለዉ፡ንዝብል ሐቂ ንምሽፋን።

ብሄር ትግሪኛ ብሄር ትግሪኛ ምባል ኣየድልን ኢዩ! ኣብ ኤርትራ ሃገር ናይ ጭቆና ስርዓት ብዉልቐ-መላኺ ኢሳያስ ዝምራሕ ጉጅሌ ዘካይድዎ ዘለው ዘይሓላፍነታዊ ኣካይዳ እዩ። ኩላቶም ደቂ ብሄር ትግሪኛ ብሐባር ይገዝኡ የለውን።ኣብ ኤርትራ ጭቆና ኣብ ኩሉ`ዩ ዘሎ ብምባል።ነቲ ዘሎ ብሄራዊን ደርባውን ወጽዓታት ፈላሊኻ ከይርኤ ይጽዕሩ ኣለው።

ክቡራትን ክቡራንን ብሊን ከምኡ’ውን ደቂ ሃገር። እዛ ሃገርና ብፍትሕን ሰላምን ክትነብር፡ ካብ ዝቐደመ ክንመሃር፡ ካብ ዝመጽእ ጸገም ድማ ክንድሕን እንተኸና ኣብ ቅድሚ ህዝብና ምእንቲ መሰልካ ብሕቡእ ምዝራብ ተሪፉ ብግሉጽነትን ብሓላፍነትን ክንዝቲ። ካብ’ዘተ ድማ ንኹልና ዘዕግብ ኣዕኑድ ደሞክራሲ ክንተክል እዚ ኣዕኑድ ድማ ብውልቐሰብ ይኹን ብውድብ ወይ ብሓደ ብሄር ከምኡ ብሓደ እምነት ዘይንቕነቕን ዘይዕብለልን ክኸውን ኢዩ ዕላማና። ኣብ ልዕለኻ ዝወረድ ወጽዓታት ፈላሊኻ ብንጹር ህዝቢ ክርኢ ምግባር ሓልዮት ህዝብን ሃገርን ኢዩ:: ብሰላም ንኽትነብር ዘሎካ ድልየት መርኣያ ስለ ዝኾነ ኩሉ ደላይ ፍትሒ ክተሓባበርካን ክኣምነልካን ድማ ይግባእ::

ብሄረ ትግሪኛ ይኹን ካልኦት ብሄራት ኣሕዋትና ኢዮም:: መበቆልና ኣጸቢኞና ንርዳእ ሕብረተሰብ ኢና። ብሄራት ኤርትራ መበቆሎም ይኹን ዘሕልፍዎ ጸበባ ዘይርዳእ ጉጅሌ ህግደፍ ጥራይ ኢዩ::ብሄር ትግሪኛ ብመላኡ ንካልኦት ብሄራት ይጭቁን ኢዩ’ውን ኣይበልናን:: ኣይበሃልን ድማ ኢዩ::ሆደ ምርቛ ብሊን፡ብሄርና ደርባውን ብሄራውን ወጽዓታት ማለት ኣብ ገዛእ ከባቢና ካልአይ ደረጃ ዜጋታት ኰና ንኽነብርን ባዕልና ንባዕልና ናይ ምምሕዳር ዕድል ተሐሪምና ኣብ ኣገደስቲ ዝኾኑ ባህልውን ማሕበራውን ሂወትና ብህግድፍ ዝተመርጹ ገባሪ ሐዳግነት ተዓፊና ክንነብርን ከም ጉዚ ስጋ መሬትና ተሸርሺሩ ክዕደልን ስለዝተፈረድና ብብሄራዊ ሽነኽ እዚ ኮይኑ ከም ኩሎም ካልኦት ብሄራት ድማ ደርባዊ

ማለት ሰብአውን ደሞክራስያውን መሰላትና ተሐዲግና ኣብ ትሕቲ ሕግን ፍትሕን ቕዋም (ሕገ-መንግስቲ) ዘይብላ ሃገር ወይ ናይ ህዝብታታ ቤት-ማእሰርቲ ንነብር ከምዘለና ፈላሊኻ ምርኣዩ ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ።

ሐደ ብሄር ኣብ ዝተወሰነ ዶብ ወይ ከባቢ ዝነብሩ ህዝቢ ናይ ሐባር ቋንቋን ባህልን ስነ-ምግብርን ብዘገምታ ዘማዕበለ ኣዩ:: እዚ ድማ ናይ ነፍሲ ወከፈን ብሕታዊ መለለይ ኢዩ:: ህዝቢ ነብሱ ባዕሉ ናይ ምምሕዳር ይኹን ነቲ ንብረተ ንምምቓሉ ወይ ንምጥቃሙ ነቶም ደቂ ብሄር ዝምልከት መሰል ኢዩ:: ኤርትራ ድማ ንኩለን ብሄራት ብማዕረ እያ ትብጽሓና፣ ነዚ ብፍቶትና ክኖቑሞ እንደሊ ሐድነት ዝሕሉን ዘዛምድን ዘኽብርን ብሕገ-መንግስቲ ዝምራሕ መንግስቲ ክህሉ ይግባእ ። ምምራሕ ይኹን ሃብቲ ሃገር ምምቓልን ምጥቓምን ሓሳብካ ምሃብን ንሓደ ሓራም ንሓደ ብሄር ድማ ሓላል ኣይኮነን። እዚ ድማ ኢዩ እቲ መሰል ጎዲሉ ኢልና ንሓቶን ነልዕሎን ዘሎና፣ ዝኾነ ይኹን ብሄር ወይ እምነት ወይ ኣውራጃ ወይ ዓሌት ወይ “ብስም ሃገራዊ” ውድብ ሓደ ነቲ ሓደ ክዕብልሎ ኣይግባእን። እዚ ግን ብኣፍ ናይ ኩላትና ሃገር እያ ብማዕረ ሐደ ትብጻሓና እናበልካ ኣብ ግብሪ ግን ሰማይን መሬትን ፍልልይ እዩ ጸኒሑ።ሰላምን  ምህናጽ መስርሕ ዲሞክራሲ ከህሉን ናይ ኩሎም ህዝቢታት ድልየት ኢዩ። ብሄራዊ ቓልሲ እንበኣር ፖሎቲካዊ ስልጣን ናብ ዋንኡ ህዝቢ ንምምላስን ዝግባኦ ሃገራዊ ምቕሊት ብሰላማዊ መንገዲ ንምርካብን ዝገብር ቃልሲ ስለ ዝኾነ ሕቶ ናይ ኩሉ ህዝብና ብሰላም ንምንባር ብዘይካ ብሄራዊ ቓልሲ ካልእ መንገዲ የሎን። ነዚ ዕላማታት ከዕውት ድማ'ዩ ሆደ ሙርቛ ብሊን ንሰውራ ዝተበገሰ። እዚ ዕላማታት'ዚ ድማ ብሰላምዊ ኣገባብ ተሓቲቱ ቅድም ኣይተመለሰ ሎሚ'ውን ክምልስ ዝደሊ ስርዓት ስለ ዘየለ ንሙሉእ መሰል ብሄሩ ክለዓል ዝተገደደ፣

መንግስቲ ክበሃል ከሎ ብዙሓት ዝተንተንዎ ስለ ዝኾነ ንኡ ምድጋምን ምቅዳሕን ዘይከነ ብሕጽር ዝበለ ህዝብታት ብድልየቶም ንሃገር ወይ ንብሄር ንምምሕዳር ዝጥቀሙሉ መስርሕ ውዕል ኢዩ። ካብ እዚ ዝነቐለ ድማ ብዙሐት ዓይነታት ውዕል መንግስትታት ኣብ ዓለምና ኣለዉ። መግዛእታዊ ሐይልትት ነቲ ህዝባዊ ውዕላት ሕብረተሰብና በቲ ናቶም ጨቛኒ መንግስትታት ስለ ዝተክእዎ። ነቲ ንሱ ዝገበሮ ቅዱስ ጌርና ክንወስዶ ብሓይልን ብሽፈጥን ክንርዕሞ ፈቲኖም፣ እዚ ስለ ዝሰርጸ ድማ “ ዝነገሰ ንጉሰይ ዝበረቐ ጸሓየይ” ኢልካ ንበር ዝብል ድማ ዝንቡል ባህሊ ኣብ ባህልታትና ልሒኹ ይርከብ። ገለ ክፉል ሙሁራት ደቂ ሃገር'ውን ምስ ረብሐታቶም ዝሰማማዕ ንናይ ህዝብታት መሰላት ብምዕፋን እዚ ብወተሃደርን ብጸጥታን ብባህሊ ኤውሮጳን ዝማዕረገ መንግስቲ ከም እንኮ ዓይነት ምምሕዳር ተውሲዱ። ኣብ ሰውራ ከሎና ኣብ ናቱ ኣርዑት ክንኣቱ ብሓይልን ብሓለዋ ሰውራን ኣብ ሓንጎልና ከም ዝኣቱ ገይሮሞ፣ መን ኣብ ምምሕዳር ኣሎ ብዘየገድስ ገጽካ ንድሕሪት ጌርካ ከም ንምእዘዝ ገሮምና። እንበር መንግስትስ ኣብ ብዝሒ ባህልናን ታሪኽናን ቓልስናንሲ ኩለን ብሄራትና ከም መስትያት ገጸን ዝርእያሉ ክኸውን ኔርዎ፣ እዚ ድማ ንኹለን ብሄራት ብማዕረ። ይብዝሓ ይውሓዳ። ይሃብትማ ይድከያ። ብዝየይገድስ ብቀዳምነት ኣብ ከባቢኤን ከምኡ ድማ ኣብ ናይ ሃገር መንግስቲ  ክህሉ ምተገብኤ፣ እዚ ምስ ዝኸውን እታ መንግስቲ ናይ ኩሉ ባህልን ቋንቋን እምነትን ወገንን ስለ ተሓቲፍ ናትና ክብልዋ፡ ብሓይሊ ዘይኮነ ብፍቶት ክቅበልዎን ክምእዘዝዋ ደስ ምበሎም። ወተሃደርን ጥይትን ዘይኮነ ሰላምን ደሞክራስን ኣብ ሃገር ምዓንበበ። እዚ ኣገባብ ኣመሓዳድራ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ናቱ ኣገባብ ኣማዓባብላ ኣለዎ፣ ኣብ ሃገርና ግን ብግስ ክብል ቆጽዮሞ እንበር ናይ ኣሕዋት መንግስቲ ይበሃል፣ ገለ ነዚ ፈደራልዊ መንግስቲ ይብሎኦ፣ ደሞክራሲ ሆሆ ኢልካ ዝነግስ ኣይኮነን። ናቱ መስርሕን ሕግታትን ኣለዎ። እቲ ናይ ሰውራ መንገዲ'ውን ዝተሓላለኸ ስለ ዝነበረ ድሕሪ ነጻነት ኸእ ዘተ ስለ ዘይተገብረ። ዝገደደ ድማ ነቲ ጠብላሕታት እኳ ኣብ ሓንጎልና ከይሰፍር ካብ ሱሩ ነቲ ኣቦታዊ ምሕደራታ ስለ ዝሰረዝዎ፡ ሎሚ ኣብ  ባህልና ንመለስ ምባል ሕመቕን ምድሕርሓርን ይመስል ኣሎ።

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ብብዝሒ ህዝብን ምስ ዘመናዊ ትምህርትን ምትእስሳር ምስ ካልኦት ብሄራት ብምንጽጻር ዝያዳ ሙሁር ኣካል ብሄር ትግርኛ ኣዩ። እዚ ሙሁር ኣካላት እዚ ድማ ካብ “ግዜ ዓደይ ዓደይ” ጀሚሩ ነቲ ሃውህው መጀመርያ ፖሎቲካ ምንቅስቃስ ድሕሪ ናጽነት ድማ  መንግስትን ጨቢጡ መላእ ናይ ፖለቲካ መስርሕ ወኒኑ ይርከብ። ፖሎቲካና ንጽቡቕ ይኹን ንሕማቕ ካብ'ዚ ኣካል እዚ ዝውሰን ኮይኑ ይርከብ። ብሄረ ትግርኛ ሙሁር ነቲ ናይ ካልእ ብሄራት ሙሁር ኣካል'ውን ጸሊዩ ኢዩ።

ኣብ ኤርትራ ካብ 1943 ዓ.ም ንደሐር ዘሎ ግዜ ብዘየካቶም ውሑዳት ሰውራ ኣብ ምብጋስ ዝነበሩ ገዲፍና ኣብ ምምራሕ ተራ ዝነበሮም ካብ ብሄረ ትግርኛ ነቲ ቃልሲ መሪሖም እብ ዓወት ተበጺሑ።ግን ናይ ውሑዳት ረብሓ ቅድሚ ረብሓ ህዝቢ ዝሰርዑ ዝላዓለ ጽፍሒ ናይቲ ኣመራርሐ ስለ ዝጨበጡ ፍትሕን ሕጋዊ ተሐታትነትን ምምቅራሕ ስልጣንን ዲሞክራስን ዝሰፍና ኤርትራ ሕልሚ ጥራሕ ኮይና ተሪፋ።ነዚ ናይ ምብሐት ስርዓት ተግባራዊ ንምግባር ኣብ ሰውራ ዝጀመረ ኩሉ ካብ ዝላዓለ ክሳብ ዝተሐተ መንግስታዊ መሐውራት ማለት ካብ ምኒስተራት፣ ጀነራላት፣ዳይረክተራትን ኩሉ ናይ ጸጥታን ኢኮኖሚያዊ ምንጭታት ብደቂ ብሄረ ትግርኛ ተባሒቱ ይርከብ።ደቂ ካልኦት ብሄራት ኣብ ኣመራርሓ የለውን ማለት ኣይኮነን፡ ተጻሒፉ ንዝመጸም መምርሒ ከተግብሩ ካብ ናይ ምልእኣኽ ተራ ዘይሐልፍ ቦታ ዝውንኑ ብሄራዊ መንነቶም ዝሐኽኹ ኣለዉ። ጭርሖታት ናይ የማንን ጸጋምን ኣብ ድሕሬኻ ሰቒልካ ኣብ'ታ መንበር ናይ ኣስመራ ምብጻሓ ድሕሪኡ ወተሃደራዊ ሓይልኻ ኣደልዲልካ ዕም ንዝበለ ብሳእኒ ወተሃደር ምርጋጹ ተራኢዩ። ህዝቢታት ብግዲ ኣብ ማይ ወይ ኣብ ሓዊ ከእትዉዎ ከለዉ ዕልል ክብልን ናይ ምሕሳብ ዕድል ተሐሪሞሞ ይርከቡ።ንህዝቢ ኣብ ትራፖላ ብሄርን ኣውራጃን እምነትን ዓሌትን መቓቒሎም ድማ ኣስተሪሑም እናሸንድሕዎ ጎይቶት ኮይኖም ይነብሩ ኣለዉ። እዚኦም ኣብ  ስልጣን ብሓይሊ ኩድጭ ኢሎም ዘለዉ ጉጅሌ ህግድፍ ብኣመራርሓ ዉልቐ-መላኺ ኢሳያስ ብኸምዚ መንገዲ ካብ ሓደ ብሄርን እምነትን ኢዮም ተጸጊዖም ወሰንትን ሓደግትን ኮይኖም ዝነብሩ ዘለው።

ውድባት ኤርትራ ሃገር ብኣፋ እናወደቐት ንእሽቶይ ሕድገት ስልጣን ክገብራ ቁሩባት ኣይኮናን፣ ንብሎኮ ኣስመራ ክንሓልፍ እንተኾና ናትና ሰብን ናትና ውድብን ክትመርሕ ኣለዋ ዝብል ከም ንቑጽ ዕንጨይቲ መርገጽ ዝሓዛ ኢየን። ሎሚ ጉጅሌ ዉልቐ-መላኺ ኢሳያስ ከይዱ በዚ ሕጂ ዘሎ ኣተሓሳስባ ውድባት ኣብ ስልጣን እንተመጽኣ'ውን “ተጽግበኒ ቅጫስ ኣብ መቑሎ ከላ ይፈልጣ” ከም ዝበሃል ህዝብና “ወሬጮ እንተግምጠልካዮ ወሬጮ” ከም ዝኾኖ ዝከሓድ ኣይኮነን፣ ኣብ ባህልናን ታሪኽናን ንፖሊቲካ ኣብ ዓድን ኣብ ወረዳን ኣውራጃን ኢዮም ዝሕዝዎ ዝጸንሑ፣ ጽቡቕ ባህሊ ኣሎና ኢልና ንሕበኖ ድማ እዚ ድሕሪ ሓምሳታት ዝመጽኤ ባህሊ ኣይኮነን፣ ጽንዓትን መኸተን'ውን ባህሊ ህዝብና ኢዩ። ውድብ ዘምጽኦን ዝሕልዎን ኣይኮነን፣ ብሄራዊ ቓልሲ እንበኣር ህዝብና ከም ጉዚ ስጋ ከይተጎዛዘየ ንባህሉን ንታሪኹን መሰላቱ ክሕሉ ባዕሉ ንፖሎቲካዊ ሂውቱ ክሕዝን ከመሓድርን ዝዓለመ ኢዩ። ዕድል መጻኢት ኤርትራ ኣብ ኢዱ ክጭብጥ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ራህዋን ፍትሕን ዘንግስ። ንመጻኢ ድማ ሰላምን ቅሳነትን ኣብ ዉሽጥናን ምስ ጎረባብትናን ዓለምን ዘውሕስ ቃልሲ ናይ ብሄራት ክለዓል ህልዊ ኩነታት ዝደፍኦ ሓቐኛ ወድዕነት ዝፈጠሮ ተበግሶ እዩ።

ኣብዚ እዋንዚ ገለ ንይምሰል ተባሂሉ ኣብ ወሳኒ ዘየኮነ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ናይ መንግስትን ይኹን ኣብ ደንበ ተቃውሞውን ብተመሳሳሊ ደቂ ብሄረ ብሊን ኣለው። እቲ ዘለውዎ ሐላፍነት ነቲ ሐቀኛ ብሄራዊ ወጽዓታት ንምፍታሕ ዘይኮነስ ኮነ ተባሉ ንምድንጋርን ዝስራሕ ሽርሕታት እዩ። ሆደ ካብ ጽልእን እዋናዊ ረብሐን ዝተበገሰ ምንቅሰቃስ ኣይኮነን።
ሆደ ሰላምን ፍትሕን ኣብ ፍቶታዊ ሐድነት ዝተሰረተት ኤርትራ ኣብ ምህናጽ እጃምና ክንሰርሕ ኢና።እዚ ክነዓውት መጀመርያ ደቂ ብሄረ ብሊን ነቲ ንነውሕ ግዜ ኣጥፊኦሞ ዝጸንሑ ነብሰ-ምትእምማን ክምልሱን ክምዕብሉን ይግባእ።ምስ ኩሎም ኣሕዋት ኤርትራውያን ሐቢርና ክንሰርሕ ኢዚ ቅድመ ተደላይነት ክነማልእ ኣሎና፤፤

ኣብ ቀጻሊ ግዜ ክሳብ ንራኽብ ብደሓን ጽንሑ።

ግዝያዊት ሽማግሌ
ሆደ ሙርጃ ብሊን
ክፍሊ ዜናን ባህሊን
19.02.2010

Email: bilineritrea@gmail.com